Network of Eritreans for Constitutional Governance (NECG)

መርበብ ኤርትርያውያን ንቅዋማዊ መንግስቲ (ኤንቅመ)

# “ቕድም ሃገር”

## ዝብል ፋሽስታዊ ጭርሖ ምልኪ ጉጅለ ህግደፍ ነቓልዕ

ህዝቢ ኤርትርያ ልዑላዊ ሃገራዊ ድሌቱን ጠለቡን ተጠሊሙ ግዳይ ማእለያ ዘይብሉ ዓመጽ ጭው ዝበለን ኣፍ ኣውጺኡ ድዛረብን ምልኪ ጉጅለ ህግደፍ ኮይኑ ከምዘሎ ኣይኮነን’ዶ ንሕና ሙሉእ ህዝቢ ዓለም ኣዳዕዲዑ ዝርድኦን ዝፈልጦን ኢዩ:: መላኺ ጉጅለ ህግደፍን ግብራዊ ተሓባበርቱን ወላ ካልኦት እውን እንተኾኑ ዝበሉ እንተበሉ ዝገበሩ እንተገበሩ ንምልኪ ቑንዕ ዝገብሮ ወላ ሓንቲ የለን::

ኣብ ከም’ዚ ዝኣምሰለ ኩነታት እታ ሓንቲ መላኺ ጉጅለ ህግደፍ ክገብራ ዝኽእልን ዝገብራ ዘሎን ንህዝቢ ኤርትርያ ብስምዒት ኣለዓዒልካ ነዚ ዝወርዶ ዘሎ ዓመጽ ከም ዘይርእዮ ጌርካ ምልካዊ ዕምሩ ምንዋሕ ጥራይ ኢዩ::

ኣጥዕዩ ንዝርኢ ሰብ ከምዘይርኢ ክግበር እንተኾይኑ ድማ፣ ዓይኑ እንከየንቆርካ ከምዘይርኢ እትገብረሉ መዐወሪ ስልቲ ክትምህዝ ናይ ግድን ይኸውን:: ከምኡ ናይ ዝኾነ፣ ዓማጺ ምልካዊ ጉጅለ ህግደፍ ንህዝቢ ኤርትርያ ዓይኑ ኣየንቆሮን፣ እንታይ ድኣ ህዝቢ ኤርትርያ ኣብ ክንዲ ብዓይኑ ዝርኢ ብዓይኒ ስምዒት ንኽርኢን ከምዝርኢን ጌሩዎ ይርከብ:: ነዚ ንምትግባር፣ ዓማጺ ጉጅለ ህግደፍ ስርሖይ ኢሉ ሒዙዎ ዘሎን ዝዋሳኣሉን ፋሺስታዊ መዐወሪ ስልቲ እዚ ንህዝቢ ኤርትርያ ኣልጊቦምሉ ዘለዉን ወግሐ ጸብሐ እንሰምዖን **“ቕድም ሃገር”** ዝብል ስምዒታዊ ጭርሖ ኢዩ::

እዚ እንታይ ማለት’ዩ ንህዝቢ ኤርትርያ ብሃገራዊ ስምዒት ኣለዓዒልካን ኣዕዊርካን ነዚ ዝወርዶ ዘሎ ምልካዊ ዓመጽ ኣብ ክንዲ ብጥዑይ ዓይኑ ዝርእዮ ብዓይኒ ስምዒት ከምዝርእዮ ጌርካ ኣንጻር ዝወርዶ ዘሎ ዓመጽ እንከይልዓል ምግባር ማለት’ዩ::

ጉጅለ ህግደፍ ምስ’ዚ **“ቕድም ሃገር”** ዝብል ፋሺስታዊ ዝኾነ መዐወሪ ጭርሖ ኣተሓሒዞም ዝፍንውወን ተወሳኺ ፋሽስታዊ ጭርሖታት’ውን ኣለዋ፣ ከም “ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ ሓደ መራሒ”፣ “ንሃገረይ እንታይ ክገብረላ እምበር ሃገረይ እንተይ ትገብረለይ ኣላ ዘይምባል”፣ “ሀገር ብሕማቕ ኣይተልዕል፣ ጸገም ሃገር ናይ ውሽጥና ጸገም’ዩ”፤ “ኣብ ሞንጎ መንግሰትን ህዝብን ፍልልይ የለን፤ መንግስቲ ህዝቢ’ዩ፤ ህዝቢ መንገሰቲ’ዩ”፤ “ህግደፍ ’ህዝቢ’ ትብል ቃል ናይ’ዘለዎ ህግደፍ ናይ ህዝቢ’ዩ” ወዘተ::

ኣብ’ዚ ብጌጋ እንከይትርዱኡኒ ይላቦ:: **“ቕድም ሃገር”** ከም ጭርሖ ናይ ህዝቢ ሓንቲ እቲ ህዝቢ ናተይ ኢዩ ብዝብሎ መንግስቲ ትመሓደር ፍትሕን ዴሞክራሲን ዘለዋ ልዑላዊት ሃገር ንቡርን ጉቡእን ጠለብ ኢዩ:: ንምንታይ ከም’ዚ ዝኣምሰለ ጭርሖ ብሓፈሻኡ ንረብሓ ሃገርን ህዝቢን ቅድሚ ውልቃዊን ፖለቲካዊን ረብሓታት ኮታስ ቅድሚ ኹሉ ዝሰርዕ ቁኑዕን ጉቡእን ክቕንጠጥ ዘይኽእልን ጠለብን መሰልን ናይ ዝኾነ ይኹን ልዑላዊ ህዝቢ ናይ ዝኾነ ኢዩ::

**“ቕድም ሃገር”** ዝብል ጭርሖ ብሓደ ጭው ዝበለን ዝወጸሉን መላኺ ጉጅለ ከም ጉጅለ ህግደፍ ዝኣምሰለ ክጭራሕ እንከሎ ግና ንረብሓ ሀገርን ህዝብን ዝይኮነስ ንረብሓ

ኣናሕሲያ ዘይብሉን ኣረሜናዊ ዝኾነን ምልኪ ቅድሚ ኹሉ ዝሰርዕ ፋሽስታዊ ጠለብ ካምዝኾን እቲ ክድምሰስ ዘይክእል ታሪኽ ደቂ ሰብ ይምስክርን ይሕብርን።

ንታሪኽ ምልስ ኢልና እንተ ተወከስና፣ ጭርሖታት መላኺ ጉጅለ ህግደፍ ነተን ኣብ ግዜ ፋሽስታዊ ዘመን Hitlerን Mussoliniን ዝስመዓ ዝነበራ ጭርሖተት የዘኻኽረና። ከም ናይ Hitler “Ein Volk, Ein Reich, Ein Führer” ናይ Musolini “Non chiedere cosa il tuo paese può fare per voi, chiedete cosa potete fare per il tuo paese፣ ከምኡ’ውን ‘everything in the state. nothing outside the state. nothing against the state’.”

ብዓይኒ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ህልው ክውንነት እንተ ርኢናዮ ድማ ንHitler፣ ንMussolini፣ ንሃጽየ ኢሰያሰ ኣፈወርቂ ዘራኽብ ሓደ ናይ ሓባር ባህርን ረቛሒን ኣሎ። ንሱ ኻኣ “ዝወረደ ይውረድካ፣ ተዓሚጽ፣ ፍትሒ ስኢኔ ዝባን ሕጊ ኢንካይበልካ ተዓሚትካ ንምልኪ ብዘይ ገለ መለ ተማእዘዝ፣ ምልኪ ዝበላካ ግበር፣ ስልጣንን ሕጋዊነትን ምልኪ ኣይትሕተት” ዝብል ፋሽስታዊ ጠለብ ኢዩ። ጠለብ “**ቅድም ሃገር**” ዝብል ጭርሖ ናይ መላኺ ጉጅለ ህግደፍ ድማ ንሱ ኢዩ፣ ንሱ ኻኣ ኢዩ ፋሽስታዊ ጭርሖ ዘብሎ።

ጉጅለ ህግደፍ ብደራጃ ስልቲ እውን እንተኾነ ፋሽስታዊ ባህርይ ኣለዎ።ንሱ ኻኣ ከም’ቲ ኣብቲ እዋን’ቲ ዝግበር ዝነበረ ነቶም ዴሞክራሲን ፍትሒን ዝጠልቡ ዝነበሩ ምፍርራህን ምጽላምን ምክፋእን ምእሳርን ክሳብ ህላዊነቶም ኣሉ ምባል ኢዩ። ኣብ ሃገርና ኤርትርያ መላኺ ጉጅለ ህግደፍ ዴሞክራሲ ፍትሒ ንዝጠልቡን ንምልኪ ዓገብ ንዝብሉን ኤርትርያውያን ከዳዓት፣ መጋበርያ ጸላኢ፣ ጸረ-ኤርትርያ፣ ዓጋሜ፣ ወያነ፣ ወይልኹም፣ እንዳበለ ዘውርደሎም ዘሎ ዘይ የማትእ ኣብነት ፋሽስታዊ ሰልቲ ንሱ ኢዩ።

ኣብ ሞንጎ ሃጽየ ኢሰያስን መሃዚ ፍሽስትነት ሙሶሊንን መዛምርቱ ሂትለርን ድማ ዘሰደምምን ሩኡይን ብዝኾነ መምዘኒ ኣሉ ክባሃል ዘይክእል ክሕበርን ክፍለዋን ዘለዎ ዓቢ ፍልልይ እውን ኣሎ። ሙሶሊንን ሂትለርን ሒዞሞ ዝነበሩ ስልጣን ብምርጫን ብሕጋዊ መንገዲን ኢዮም ረኺቦሞ። ሃጽየ ኢሰያስ ግና ነዚ ከምድላዩ ሸሸይ ዝብለሉ ዘሎ ስልጣን ብምርጫ ዊን ድማ ብሕጋዊ መንገዲ ዝረኸቦ ኣይኮነን። እንታ ድኣ ብሓይሊ ብረት ኢዩ ሒዙዎ ዘሎ። ንሱ ድማ ኢዩ ንሃጽየ ኢሰያስ ካብ ሙሶሊንን ሂትለርን ዝገደደ ዘብሎ።

መላኺ ጉጅለ ህግደፍ “**ቅድም ሃገር**” እንዳበለ ወርትግ ዝጭርሕ ዘሎ እንታይ ካልእ ጠለብ ናይዘሎ ኢዩ? እታ እነኮ ቀንዕቲ መልሲ ናይ’ዛ ሕቶ እዚኣ ነቕ ዘይብልን ዘይ የማትእን ህዝባዊ ጠለብ ዴሞክራስ ኢያ። እዛ መልሲ እዚኣ ካብ ኣፍ መላኺ ጉጅለ ህግደፍ ክስምዑዋ ዝጽበዩ ሰባት እንተሃለዮም ገርህን ለዋሃትን ጥራይ ኢዮም። ዴሞክራሲ መጥፍእን መፅነዊትን ምልኪ ኢያ። መጥፊኢቱን መፅነዊቱን ዓይኑ እንዳ ረኣየ ክትወርዶ ዝደሊ ምልኪ ኻኣ ጌና ኣይተፍጥረን።

ከምኡ ናይ ዝኾነ ድማ ኢዩ መላኺ ጉጅለ ህግደፍ ብኣስናኑን ብኣጽፋሩን ንህዝቢ ብስምዒት እንዳ ኣለዓዓለን ብስምዒታዊ ፋሽስታዊ ጭርሖታት እንዳ ኣዐወረን ኮታስ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ እንኮላይ ብሓይሊ ብረት ምልካዊ ዕምሩ ንኽናውሕ ዝቃለስ ዘሎ።

እምበር፣ ህዝቢ ናተይ ኢዩ ብዝበሎ ቅዋም እትመሓደር ዴሞክራስያዊትን ፍትሓዊትን ኤርትርያ ክትብድሆ ዘይትኽእል ዝኾነ ይኹን መላኺ ጉጅለ ህግደፍ ቅድም ክስራዕ ኣለዎ ዝብሎ ነገር የለን። ከም’ዚ ዝኣምሰለት ኤርትርያ ንዝኾነ ይኹን ቅድም ክስራዕ ኣለዎ ዝባሃል ነገር ብዝኾነ መምዘኒ ክተተዓናቕፎ እውን ኣይትኽእልን።

እምባኣርከስ “**ቅድም ሃገር**” ዝብል ጭርሖ፣ መላኺ ጉጅለ ህግደፍ ዕምሩ ንኽናውሕ ኢሉ ዝዋሳኣሉ መደናገሪ ፋሽስታዊ ጭርሖ ድኣምበር ፈጸሙ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ኤርትርያ ዝጠልብ ጭርሖ ከምዘይኮነ ተረዲእና ብሓባር ነቃላዓዮ።

**ዝያዳ ሓበሬታን መቢሪህን ምስ ዝድለ ነዚ ተወከሱ**
**‘Qiddim Hagher’: Eritrea Tyrant’s Fascistic Mantra**
http://www.eritreadaily.net/News0208/article0810231.htm

**እንተዘይ ኮይኑ ዓርቢን ቀዳምን ሰንበት ኣብ Paltalk room: Eritrea Dembe Demokrasi ከም መዛረቢ ዛዕባ ሒዝና ክንመያየጠሉ ሓሲብና ኣለና እሞ ንኽትጽነበሩና ንዕድም:: እዋን ካኣ 19:30 ሰዓተ** Berlin.

**ብርሃነ መ ተኽሰተ**
**ካብ ኣሜሪካ**
26 October 2008